# "ናበይ ንኸድ -መኸዲ የለን !!" ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ

ብተኣምራት የማነ 03-08-18

ነዚ ኣርእስቲ ዝተጠቐምኹሉ ኣብ ትግራይ ብስራሕ ኣጋጣሚ ኣብ ሽረ ኣኽሱምን መቐለን ኣላማጣን ዳርጋ ኩለን ናይ ዞባ ከታማታት ዝርከባ ኣዋልድ ኣጋኒጉወን ዘሎ ተግባር እዩ፡፡እዘን ኣዋልድ ፀባብ ገዛ ተካርየን ቡናኣፍሊሐን ብምሻጥ ዝመሓደራ ደቂ ኣንስትዮ ዝበልኦ እዩ ነዚ ቃል ክጥቀመሉ ዝኸኣልኩ፡፡ ቅድም ክብል ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ፅሒፈ እንተነበርኩ ቁሩብ እቲ ነዚ ዛዕባ ኣልዒሉ ከተማታት ትግራይ ናብ ዕግርግር ክኣትዋ ዝገበረ ቤት ዕዮ ደው ነቲ ስጉምቲ ደው ንክብል ብዘይተፈለጠ ኩነታት ወሳነ ኣዕሩፉ ነይሩ፡፡ ሕዚ ግና ምስቲ ህወሓት ጀሚራቶ ዘላ ፀገማት ሕብረተሰብ ኣብ ምፍታሕ ስጉምቲ ኣብ እሰቱሉስ ተወሲኹሉኮይኑ ገለ ሰባት ድማ እቲ ሕዚ ስራሕቲ ዝጀምር ዘሎ ኣመራርሓ ኣይሰራሕኩምን ከይብሎምዝብሉ መግለፂታት ኣለዉ፡፡እዚ ወንበር ኣልዕሊ ኣይልዕልን እዚ ኣፍርሲ ኣየፍርስን ሓይሊ ዝተመልኦ ውሳነ መኸበርተ ደንቢ ከተማታት ትግራይ ቀድም ኢለ ዝጠቐስኩወን ደቂ ኣንስትዮ በዚ ስራሕ ዝመሓደራ ናብ ዘይኮነ መንገዲ ንከምርሓ ዝዕድም ምንቅስቓስ እዩ ብሰንኪ እዚ እየ ደጊመ እዚ ጉዳይ ከልዕሎ ዝተበገስኩ ፡፡

እቲ ጉዳይ ኣብ ከተማ መቐለን እተን ካልኦት ከተማታት ዘሎ ብፍላይ ናይ ከተማ መቐለ ይገድድ፡፡ ኣብ እዋን ስራሕ ዝተዓዘብኩዎ ከካፍለኩም፡፡ ኣብዘን ከተማታት ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ፍቓድ ኣውፂኤን ግብሪ ኣናኸፈላ ገዛ ተካርየን ቡናን ሉስሉስ መስተን ብምሻጥ ዓርሰን ኪኢለን ስድራ ሒዘን ዝመሓደራ እየኝ፡፡ ምስ ደንቢ መኸበርቲ ክፍለ ከተማታትን ከተማ መቐለ ን ዞባታት መፈፀምቲ ተሓናንቕ ኮይኑ ኣሎ፡፡እዛ ጓል ተንስተይቲ ብውሑድ ካፒታል ገዛ ተካርያ እታ ገዛ ፀባብ ክራያ ክባር በታ ዘላ ገዛ ዘውፅኣታ ፍቓድ ዝመጽእ ዓመታዊ ግብሪከፊላ ትነብርእያ፡፡ኣብዚ ሕዚ እዋን ከተማ መቐለ ልዕሊ 500 ሽሕ ህዝቢ ዝነብረላ እንትኸውን ካብዚ እቲ ዝለዓለ ቑፅሪ መንእሰይ እንትኸውን እቲ ኣብዝሓ 90 ሚእታዊ ሰራሕ ዘይብሉ እዩ ፡፡ ካብዚውን እዘን ደቂ ኣንስትዮ ብርክት ዝበለ ድርሻ ይወስዳ፡፡ከተማ መቐለ ናይ ኢንዳስትሪ ከተማ ትኸውን እያ ብዝብል ዝተወሰነ ፅቡቕ ጀማሮታት እንተሃለወውን ሕዚ ዘሎ ምንቅስቓስ ኣዕጋቢ ኣይኮነን፡፡ምስዚ እተን ተጀሚረን ዝበሃላ ትካላት ናይ ደገ ኢንዳስትሪን ፋብሪካታትን ድማ ንሰራሕተኛታተን ዝኸፈልኦ ክፍሊት ብጣዕሚ ዘሕዝን እዩ ፡፡ ናይዚ መንቀሊ መንግስትና ንናይ ደገ ሰብ ሃብቲ ንምስሓብ ካብ ዝብሮም ምብርባራት ' ርካሽ ናይ ሰብ ጉልበት ..' ብዝብሎ እዩ ይብሉ ምሁራን ኢኮኖሚ፡፡ እዚ ተደሚሩዎ ከብዘን ሐደሽቲ ኢንደስትሪታት ከም ቬሎሲቲ ዲ ቢ ኤል ዝበላ ዝቖፀረኦ ብዝሒን እቲ ክፍሊትውን ወሑድ ከምዝኾነ እዩ ዝዝረብ፡፡ እዚ ኣብ ልዕሊ ምኒኑ እዘን ደቂ ኣንስትዮ ኣሓትና ዓርስና ንምኽኣል ብዝበላ ዝመፀእ ዘሎ ገልታዕታዕ ዘግርም እዩ፡፡እዚ ጉዳይ ከይፈትሐ ቢሮ ንግድን ኢንዳትሪን ነታ ትሰርሕ ዘላ ግና ብዝግባእን ብዘይግባእን ዓንቀፍቀፍ ምፍጣሩ ዝገርም እዩ!! ብዛዕባ ክፍሊት ሓደሽቲ ኣንዳስትሪታት ካሊእ ግዘ ክምለስ እየ ፡ሕዚ ናብ እንዳ ቡና ...

ብደንቢ መኸበርቲ ዝለዓል ሕቶ መንገዲ እግረኛ ዓይኽን እዩ ብዝብል ዝተጀመረ ዋዕ ዋዕ እዩ፡፡ ኣብ ከተማ መቐለ እታ ዝለዓለ ገንዘብ ዝዘዋወረላ \Money transaction / ቦታ ብልሙድ 14 15ን16 ተባሂለን ዝፅውዓ ቀበሌታት እየን ፡፡ይኹንምበር ነዘን ኣዋልድ ብሽም ንእግረኛ መንገዲ ዓይኽን ብዝብል ዝተጀመረ "እንታይ ግበሩ እዮም ዝብሉና ዘለዉ እቶት ፈሊጡና ግብሪ ገሚቱልና ብኣግባቡዜግነታዊ ግቡእና እናተዋፅእና ዝፀናሕና ሕዚ ደኣ ካበይ ዝመፀ እዩ ንእግረኛ መንገዲ ዓይኺ ብዝብል ዓድና ክንፀልእ ንግበር ? ብሓቂ 'ሽ ንእግረኛ ተሓሲቡ ድዩ ? ወይስ ካሊእ ልኡኽቶ ኣለዎ?" ንድኻ ናፀቐካስ ከተማና ዘመናዊት ንግበር ድዩ ዝበሃል ዘሎ ወይስ ካሊእ በዚ ሓዱሽ ኣመራርሓ ክነፀርፅር እዩ ተደልዩ ዘሎ ..."ትብል ዕድሚኣ ኣብ መፋርቕ ዕስራታት ትርከብ ንእስቲ ፤ብተመሳሳሊ" ካብ ትግራይ ወፃእ ኬድና ከይንሰርሕ እቲ ፖለቲካ ተበላሺዩ ብሰንኪ ትግራዋይነትና ክንደይ ግፍዕን በደልን ይበፅሓና ኣሎ ዓዲ ዓረብ ከይከንኸይድ ዝተፈላለዩ መስካሕካሕቲ ግፍዕታት ተፈፂሙወን ኣሓትና ንእሪን ንዕዘብን ኣለና -ናበይ ንኺድ መኺዲ የለን " ብዝብል ዘውገዐትኒ ኣብ ቀበሌ 16 ካብ ዘለዋ ቡና መፍላሕቲሓንቲ እያ፡፡ ሓቂ ድማ ኣብቲ ቦታ ዘሎ ናይ ገንዘብዝውውር እቲ በዓል መዚ ይፈልጦ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ኣብ ከተማ መቐለ ቀበሌ 16 ዘሎ መንገዲ ካብ መፈለምታ ጸቢብ እዩ፡፡ዝተዓደላ ከተማታት ኣውሮጳ ነዚ ከምዚ ዝበለ መኪና ከይሓልፎ ተኸልኪሉ ከም መዘናግዒ ተሓሲቡ ናፃ ዝኾነ መዘናግዒ ይግበር \Open Air \::ነዚ ናይ ደንቢ መኸበርቲ ብሓላፍነት ዝመርሑ እዚ ቦታ ከንደይናይ ፀቢብ ምኳኑ ይፈልጥዎ እዮም፡፡

ስለዚ እን ናይ ቐደም መንደራት ከተማ መቐለ እቲ መንገዲ ኣብ ልዕሊ ምፅባቡ ብክልቲኡ ገፅ ነዚ ፀቢብ መንገዲ ወሲኽን ዘፃብባ ዘለዋ መካይን ዕልባት ዘይግበረለን? ተገደደ መንገዲ ትራንስፖርት ነዚ ፍታሕ ከምጽእ ይኽእል ነይሩ ቅንዕና ተዝህልዎ ፡፡" ይብላ ኣብዚ ጉዳይ ዘውጋዕኩወን ቡን ብምፍላሕ ዝመሓደራ ደቂ ኣንስትዮ፡፡እዚ ቤት ፅሐፈት ነዚ ውሳነ ክትግብር ከሎ ኣብቲ 16 ቀበሌ ሉስሉስ መስተን ቢራን ዘፋፍላ ማእኽሎት ዓበይቲን ተሸከርከርቲ ጋሪ ሓዊሱ ኣለዋ ብተወሳኺ በዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ወይ ከዓ ብስራሕ ብየመን ብፀጋም ደው ዝበላ መካይን ኣለዋ ትዅረት ተገይሩለን'ዶ ? -ኣይተገበረለን፡፡ እቲ ካሊእ  ኣብ ከተማ ዝርከባ ናይ ከተማ ታክሲታት  መቐለ ንኣሪድን  ፣ንዓዲ ሓውሲን እንዳ ገብርኤል መሳፈሪ ፌርማታት ኪዱሞ እተን መካይን ተፀቓቒጠን ተራ ዝሓዛን እታ ናይ ዓዲ ሓውሲ ድማ ናይ ሸቕጥ ዝፀዓና ዓበይቲ መካይን ደው ዝበላሉ ስፍራታት መን ሪእወን? ካብ ማእኸል ዓዲ ዘምጸአኦ ዘራግፉሉ ህንፀት ገዛውቲ ብዝብል ኣብ ፅርጊያ ሓሸዋን እምኒን ተራጊፉ ንእግረኛ መሕለፊ ተሳኢኑ ናብ ማእኸል መንገዲ ንህንፀት ተባሂሉ ሓሸዋን ሲሚንቶ ኣብ ፅርጊያ ማእኸል ተራጊፉ ዋና ዘይብላ ከተማ ዘብል እዩ፡፡ እግረኛ ዝኣትወሉ ጎደናታት መቐለ የለውን  እዚ ደንቢ መኽበርቲ ኣይፈልጥዎን ? ብኡ መኪና ይሕፀብ ብክልቲኡ ገፅ መካይን ይኸዳ ግና ብደንቢ መኽበርቲ ብዝመጸ መምርሒ ንናይእግረኛ መንገዲ ዓፂኺ ተባሂላ ነታ ቡና ትሸጥ ጓል ተንስተይቲ ኣልዕሊ ገለ'ባ ታይዶስ ከመይዶስ እናበሉ የዕገርግሩ -እሞ እዚ እንታይ ማለት እዩ -ጠንቂ ሰናይ ምምሕድዳር መን እዩ ?

ምስዚ ተኣሳሲሩ ኣብቲ ቦታ ዝተመደቡ ሰራሕተኛታትን ሓለፍቲን ዝረአ ከም ደንቢ መኽበርቲ ዘይኮነስ ንዓርሶም ቆሊሎም ተዘይኣልዒልከያ...ዝብል ምፍርራሕን  ሓይሊ ዝተሓወሶን እዩ ዝረኣየሎም፡፡ኣብዚ ቦታ ብሓላፍነት ዝተቐመጡ ምስ ባጃጅ ዝተተሓሓዘ ቡዙሕ መረረትን ጎይቒን ዝተልዓለሎም ሰብ እዮም፡፡ሽዑ ብሰንኪ ዝነበረ ዘይምዐሩይ ኣሰረርሓን ኣመራርሓን ባጃጃት ከተማ መቐለ ኣዲሞም ንዝተወሰነ መዓልቲ ነባራይ ከተማ መቐለ ናብ ዋኒኑ ብእግሩ ክኸይድ ዝተገደደሉ ኩነታት ከምዝነበረ ብድሕረ እዚ ድማ ምርድዳእ ተገይሩሉ ሕዚ ባጃጅ ዋላ ገለ ፀገማት ይሃሉ መብዛሕቲኦም ስሩዕ ስረሖም ይሰርሑ ኣለዉ ነዚ ጉዳይ ደኣ ከመይ ረሲያምዎ -ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ደንቢ መኽበሪ ? ሕዚውን ምርድዳእ የድሊ -ንታ ከተማ ዝሓሸ ሜላ ክመፅእ ይኽእል፡፡

እቲ ዝዓበየ ዝረአ ሕመቐ  መመርሒታት ካብ ክፍለ ከተማ ናብ ክፍለ ከተማ ውሳነታቱ ዝተፈላለየ እዩ ፡ስሩዕ መሰርሕ ኣይኽተልን ኣብ ሓደ ክፍለ ከተማ ሓደ ነጋዳይ ቫት ዘይምልከቶ እናሃለወ ቫት ተመዝገብ ተመዝገብ! ዝብል ቀጢን ትእዛዝ ይበፅሖ  ኣብ ካሊእ ክፍለ ከተማ ኣይ ቲኦቲ ደ'ኣ ተመዝገብ፡፡ገለ ክፍለ ከተማ እዚ ቦታ በዓል ሰለስተ ደብሪ እዩ ዝፈቀድ ብካሊእ እዋን መስተመለሰ  በዓል ሽዱሽተ  ደብሪ ከይኮነ ኣይትሰርሕን ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን ሰሪሑ ምስዛዘመ ክልተ ሜትሮ እቶባ ውፃእ  እናበልካ ዘይምውርይ ኣሰራርሓ  ኣሎ፡፡ ሓደ ሓላፊ ዝወሰና ኣቲ ካሊእ ክሽየም ከሎ ኣመሓይሸ ኢሉ ካሊእ ይውስን "ኣቱም ሰባት ቀድም ሕዚኮ ከምዚ እዩ ተወሲኑለይ ...." ተበልካ ሰማዒ የለን፡፡እቲ ሓደዘፅደቐ እቲ ዳሕረዋይ የፍርሶ ወይ እቲ ሳልሳይ ፍታሕ ይህበካ ግናኣፈፃፅማ እሞ መን ይወስና ? እታ ቅድሚኡ ዝነበረ ሓላፊ ኣበላሽየዎ ከይዱን'ዶ ቕፅዓት ሓፋሽ ይኸፍል ፧ ብኣምሓርኛ ታይ ዝበሃል ምስላ ኣሎ "ንጉስ ባጠፋ ገበሬ ይቀጣ ' ሹመኛ ብዝጥፍኦ ገባር ይቀፃዕ " -እዚ ኣብ ክፍለ ከተማታት መቐለ  ዘሎ ፀገም እዩ፡፡ደንቢ መኽበሪ'ኸ ታይ ይብል -ምውዳድ የለን፡፡

ምስ እግርኛ መንገዲ ዝተተሓዘ ኣብዘን ቡና ሸይጠን ዝመሓደራ ዝወርድ ዘሎ መመርሒ መቸም እዚ መምርሒ ኣካል ናይቲ ሕዚ ዘሎ ምስትኽኻል ፍትሕን ሰናይ ምምሕድዳር ምትእስሳር ከምዘይብሉ እየ ዝኣምን፡፡እቲ ምንታይ ሲ ነዚ  ኣመልኪቱ ብላዕሊ ኮይኖም ዝመርሕዎ ዘለዉ ናይቲ ደንቢ ምኽባር  በዓል መዚ እቲ ሕዚ  ውሳነ ኣመልኪቱ  ዝግበር ዘሎ ሳዕቤኑ ብዝምልከት ከዘራርቦም ኣብ ዝኸድኩሉ እዋን  ሓላፊ እቲ ቤት ፅሐፈት  ኣብቲ ሕዚ ዘሎ ኣመራርሓ ገምጋም ኣትዮም ክረኽቦም ብዘይምኽኣለይ ተሸጊረ እየ፡፡እርፀኛ እየ እዋኑ ዘይሓለወ ነዚ ውሳነ ኣብቲ ሕዚ ዘሎ ገምጋም ኣይውሰንን ምናልባት ገለ   እተን ሰብ ጉዳይን ነበርቲ ከተማ መቐለን  ዘዘራብኩዎምም መዊኡ ዘሎ ኣመራርሓ  ኣይሰራሕኩምን ከይበሃሉ ኢሎሙናቲ " ኢሎሙኒ'ስ ተገሪመ !!!

እቲ ተጀሚሩ ዘሎ ኣልዒሊ ኣየልዕልን ሰሓቦ ጉጠጦ ናብ ካሊእ እዩ ዘምርሕ ዘሎ እዛ ቡና ትሸጥ ጓል ተንስተይቲ በድሕሪኣ እቲ ዝሓለፈ ብሰንኪ ኲዕሶ ጉልባብ እምኒ ዝደርበየ ንኡሽተይ ሓዋ ስለዝኽውን ንሳውን ገዛ ዓፅያ ኣብ ገዛ ኮፍ እንተይላ ሳዕቤኑ

እንታይ ከምዝኸውነ ኩልና ንፈልጦ እዩ፡፡ሓደ እቲ ናይ ትራፊክ ፍሰት ይስተኻኸል ፤እተን ኣዋልድ ካሊእ ስራሕ መማረፂ ኣብ ዘይብሉ ብዉሑድ ካፒታል ጀሚረን ብኽባር ዋጋ ተገዛ ተካየርን እናሸቀጣ ንሱ ገዲፉ ኸ ...ባር ትኸፈት'ዶ ....በዚ ጉዳይ እዚ ጉዳይ እዘን ኣዋልድ ብዝተወደበ መልክዑ ኣይኹን ናብ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮን ቢሮን ናብ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ከይደን እንታይ ከምዝተብሃላ ኣይፈልጥን ስለዚ ነዚ ዝምልከቶ ኩሉ ብዕቱብ ክሓስበሉ ይግባእ፡፡ኣብዚ ገለ ሓለፍቲ እግረኛ መንገዲ ዝብል ምላሽ ኣየዕግብን ....ካሊእ መማረፂ ከዳልዉ ይኽእሉ ምስ ቤት ፅሕፈት መንገዲ መጓዓዝያን ትራፊክ ክዘራረቡሉ ይግባእ፡፡

ብሱሩኽ ሕዚ ኣብ ከተማ መቐለ ፀገም እቲ ቀንዲ ፀገም ናይ እግረኛ መንገዲ ድዩ ብሓቂ እታ ከተማ ብኽንደይ ፀገማት ዝተውሓጠት እዚ ጉልባብ እቲ ዝለዓለ ጸገም ሰናይ ምምሕድዳር ኮይኑ እዩ ዝራኣየኒ፡፡ኣብ ቀበሌ 01 ካብ ሓውዜን ኣደባባይ ናብ ኣንዋር መስጊድ ኣብ ዝወስድ መንገዲ ደንቢ መኽበርቲ መዶሻ ሒዞም ሪአ ብጣዕሚ እየ ሓፊረ -ንመን እዩ መዶሻ ? ሕዚ ሕዚ ናብ ሰላሙ ዋላ ተተመለሰ ብኩሉ ኩርናዓት ኢትዮጵያ ትግራዋይ ንብረቱን ሂወቱን ስኢኑ ብባዶ'ዩ ተሪፉ እዩ፡፡ኮይኑ ግና ጫማ ፀራጊ ባዕለይ ዓይነይ ዝረኣኹዊ ኣታ ዝሓዛ ዝዋግኣ ልዕሊ ሰለስተ ሽሕ ዝዋግኣ ሳንዱቕ ፅላል ዘለዋ ኣልዕል ከበሃል ከሎ ዝነበረ ዕግርግር ዝገርም እዩ ዝነበረ፡፡ መንሰይ ብፍላይ ድማ ደቂ ተንስትዮኣሓትና ብዓፀበይ ቀለለይን ከማረራ እናገበርና ናብ ዘይኮነ ቦታ ክምርሓ ድዩ ተደሊዩ ? ወይስ ሕጊ ተጣሒሱ መልክዕ ከተማና እግረኛ መንገዲ ተሓሲቡ (ተሓሉይ'ያ ) ተኽብሩ ዘለኹም ?

ከምቲ ቅድም ኢለ ዝገለፅኩዎ ኣብ ገለገለ ቦታታት መቐለ ንህንፀት ተባሂሉ እምኒ ብቢያጆ ተራጊፉ ሓሸዋ ተራጊፉሉ እንተብቅዕ ኣብ ልዕሊ እዚ ሸቕጥ ዘራግፉ መካይን ብተወሳኺ ናይ ኣርባዕተ ቦታታት ታክሲ መበገሲ ቦታ ዝኾነሉ ይትረፍ ንእግረኛ መንገዲ ሓለዋ ክግበረሉ ባዕሉ ናይቲ ከባቢ ነባራይ ታክሲ ተሳፋራይ ዓቕሊ ዘፅብብ እዩ እሞ እዚስ ደንቢ መኽበርቲ ዘይረኣዩዎ ድዮም ኮይኖም ዓይነይ ትደፈን ኢሎም ምሒሎም ክሓልፉዎ ደልዮም ?ባዕሎም እቶም ደንቢ መኽበርቲ እናዞሩ እናሃለወ እዚ ኣልዕል እዙባ እናሉ እናሃለወ እምኒ ብቢያጆ ዝተራገፈሉ ናይ እግረኛ መንገዲ ኣይኮነን ናይ መኪና መንገዲ ዝዓሉ ኩነታት እናሃለወ ምስ ሓተትኩዎም ዛጊድ ኣይተልዓለን እኳ ደኣስ ዶዘር ዝፈቅድ ሰብ የለም ፈራሚ የለን ተባሂሉ በቲ መንገዲ ንዝሓልፍ ሰብ መጨነቒ ኮይኑ ሎ -እዚውን ደንቢ መኽበርቲ ክንደይናይ ስራሕቶም ኣብተን ኣዋልድ ቡና ብምፍላሕ ዝመሓደራ እዩ ትኽረቶም የብል-እሞ እዚኸ ::ኣብዚ ብብርኪ ክልል ዝተመጀረ እሞ ምስ ዝምልከቶም ኣብያተ ዕዮ ምውዳድ ዘይብሉ ስራሕ እዋኑ ዘይሓለወ ናይ መንግስቲ (ክልልና ) ኩነታት ዘየገናዘበ መደብ እዩ፡፡

ብኣካል ከይደ ዝረኣኹወን ብፍላይ ከተማታት ኮረምን ዛላምበሳን መንአሰይ ስደት ከይዱ እዩ -ብሰንኪ ስእነት ስራሕ ናብ ኣዲስ አበባን ካልኦት ክልላት ሃገርና -ኣብኡ ድማ ዝበፅሖ ዘሎ ግፍዒ ንርኢን ንሰምዕና ኣለና፡፡ከምቲ ቅድም ኢሉ ዝነበረ ብጉልበትካ ሸቂልካን ሸቂጥካን ሰሪሕካ ንምንባር ካብ ትግራይ ወፃእ ኣይከኣልን -እዚ ኣይተስሕትዎን-እሞኸ ደኣ እንታይ ኣማራፂ ተተሓዙ እዩ ድዩ ናይ ክልልና መንግስቲ ትእዛዝ እዩ፡፡

ነዚ ጉዳይ እናሰራሕኩ ዝረኸብኩወን ኣዋልድ" ነዛ ገዛ ዓፅየ ናበይ ክኸድ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዘይሕሰብ እዩ ስዑድያ ተኸፊታ...ካብዚ ኣይገደንን ብሊብያ ብባሕሪ ከይደ ክጠፍእ ድዩ ዝድለ ዘሎ ?" ክትብል ንዓይ ሕቶ ኣቕሪባትለይ -ክምልሰላ ኣይኽእልን፡፡ናይ መወዳእታ"...መንግስቲ ነዚ'ኣ ሰሪሐ ክበልዕ ተዘይኣመቻችዩለይ ዘዕንቅፈኒ ተኾይኑ ኣባይ ደኣ እዩ ዓደይ ....እንታይ ደኣ እየን እዘን ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ እዚ ጌርናእዚ ጌርና እናበላ ዓመታዊ ትልሚየ ኣፈፃፅማ ኣሳኺዕና እናበላበቢኣኼባታቱን ወርክ ሾፕ ዘካይዳ እዚኣ ከርኢኣ ኣለወን እቲ ቢሮ ንዕአውን'ዩ ተጣይሹ፡፡ በቢዓመቱ ኣብ ዘካይዶ መደረውን እዚ ዝገልፅ -ግና ብዛዕባ እዘን ኣብ ኩሉ ዞባ ዝረአ ፀገም መንግስቲ መፍትሕ ክግበረሉ ኣለዎ፡፡ስለዚስ መንግስቲ ክፍሊ ደንቢ መኽበርቲ ኣብ ዞባታት ነዚኣ ክሓስብ ከሎ መማረፂ ከቕምጥ ኣለዎ ግቡኡ እዩ ተዘይኮይኑ ኣብ ክልተ መዓልቲ ወንበር ተዘይኣልዒልኪ 2500 ቅርሺ ክቐፅዐኪ እየ ንብረትኪ ክወርሰኪ እየ ዝብል መምርሒ ዝምልከቶ ኣመራርሓ ክሓስበሉ ኣለዎ ሳዕቤኑ ካሊእ ክኸውን ክህልዎ ይኽእል እዩ " ትብል ሓንተ ዲግሪ ብምሕደራ ዘለዋ ግና ዝቐፅራ ስኢና ቡና ብምፍላሕ ንዓርሳን ስድርኣን ተናብር ዘላ ንእስቲ፡፡

እዚ ደንቢ ምኽባር ኣመሓላሊፍዎ ዝበሃል መደብ ቢሮ ንግድን ኢንዱስተሪን ቢሮ መጓዓዝያን መንገዲን ቢሮ ባህሊን ቱሪዝምን ዘየካተተ ኣብ ኣፈፃፅማ ፀገም ዘለዎ ሌላን ጉሌላን ዘለዎ ፤እዋኑ ዘይሓለወ ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣሓትና ዘሕዘነን ናብ ካሊእ ዓመፅን መረረትን ዝዕድም ድሕረ ባይታ ናይዘን ደቂ ኣንስትዮ ዘየገናዘበ ውሳነ እዩም ክልል ነዚ ክውስን ከሎ ዘገናዝቦ ነገር ክህሉ ኣለዎ ክብል እሮቱ፡፡ብተወሳኺ ምርድዳእሰ ዘይግበር -እቲ ቤት ፅሕፈት ኣማራፂ ናይ ምእላሽ ዓቕሚን ብቕዓትን ተዘይሃለዎ ምሰተን ደቂ ኣንስተዮ ዘተ ተኻይዱ ኣሚነናሉ ናብ ሓደ ውሳነ ተዝብፃሕ፡፡ሕዚ ድማ እቲ ንኣሰታት ክልተ ኣዋርሕ ክትግብር ናብ ገልታዕታዕን ዘይተደለ ሰሓቦ ጉጠጦ ኣምሪሑ ዝነበረ ውሳነ ደንቢ መኽበርቲ ከተማታት ትግራይ በዚ ብመቐለ ዘሎ ንገዚኡ በየናይ ኣመራርሓ ውሳነ ከምዝኾነ ዘይፍለጥ ደው ንክብል ተገይሩሎ፡፡ ፅባሕ ድሕሪ ፅባሕ ነዚ ሕቶ ከለዓል ዝኽእል እዩ፡፡መምርሒ እዚ ቤት ፅሕፈት ደንቢ ምኽባር ከም ሕማም እነውሸን እዩ፡፡ ፅባሕ እቶም ሓላፊ ክደልዩ ከለዉ ኣይተልዕላ ፅግዕ ኣቢለክን ስርሓ ቃሕ ተዘይኢሉዎም ድማ ተልዓላ ኣፍርሳ እናበሉ ህዝቢ ከማርርን ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ክለዓልን ምግባር ዘይፍትሓዊ ተግባር እዩሞ ደው ኢልና ምሕደራና ክነስተውዕል ይግባእ፡፡መንግሰቲ ክልል ትግራይ ኣብዚ ሕዚ እዋን ነዊሕ እዋን ዝወሰደ ገምጋም ኣካይዱሎ ካብዚ ገምጋም እንፅበዮውን ህዝቢ ዘማርረሉ ዘንፀርፀርሉ ዝተፈላለዩ ምሕደራታት ብእዋኑ ኣስተውዒልካ ምላሽ ምሃብ እዩሞ እዚ ኢና ንፅበ !!